## ልኡኽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
## ምስ ምኽትል ጠቕላል ሚኒስተር ሶማል ሕውነታዊ ርኽክብ ኣካይዱ

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
05.11.2009

ብኣቶ ትኩእ ተስፋይ፡ ኣባል ማኣከላይ ባይቶ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝምራሕ ልኡኽ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብዕለት 22 ጥቅምቲ 2009፡ ኣብ ቶሮንቶ ካናዳ ምስ ምኽትል ጠቕላል ሚኒስተር ፈደራላዊ መሰገገሪ መንግስቲ ሶማልያ፡ ርኽክብ ኣካይዱ።



ብወገን መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል፡ ኣቶ ዓብዲዋሕድ ዑመር ምኽትል ጠቕላል ሚኒስተር፡ ኣቶ ኢብራሂም ኣሕመድ ኣባል ፓርላማ፡ ኣቶ ዓብዲ፡ ዲረክተር ኣብ ሚኒስትሪ ዲያስፖራን፡ ኣቶ ሓሽ ወኪል መንግስቲ ሶማል ኣብ ካናዳን ተረኺቦም ነበሩ። ብወገን ሰልፊ ህዝቢ ድማ፡ ኣቶ ተስፋይ ትኩእ፡ ኣቶ ጅምዕ ዓብደላ ዓሊን ኣቶ መሓመድ ሓጅ ኣማንን፡ ተሳቲፎም ነይሮም።
እቲ ርኽክብ ካብ ዝተዛረበሎም ጉዳያት፡ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ሶማልን ዝምድናታት ንምምዕባልን፡ ምትሕግጋጋዛት ንምክያድን ዘትኮረ ነበረ። ብሸነኽ ልኡኽ ሰልፊ ህዝቢ፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ ኣብ መንጎ ሰልፊ ህዝቢን ሰልፊ ደሞክራስን፡ ህዝባዊ ምንቅስቓስን ዝካየድ ዘሎ መስርሕ ሓድነት፡ ኣብ ቀረባ እዋን ብምጽንባራዊ ኮንፈረንስ ኣቢሉ፡ ሓደ ሰልፊ ብምምስራት ክድምደም ምኻኑ ኣብ ልዕሊ ምግላጽ፡ መሪሕነት ሰልስቲኡ ሰልፍታት ነቲ ኣብ ሶማል ዘሎ ፖሊቲካዊ ኩነታት፡ ከም ዝከታተልን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሶማል ዘለዎ ሰናይ ምንዮትን ገሊጹ።
ልኡኽ መንግስቲ ሶማል ድማ፡ ንታሪኻዊ ምሕዝነት ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ሶማልን፡ ጠቒሱ፡ ኣብ ግዚ ገድሊ ኤርትራ፡ ሶማል ብኩሉ ዝከኣሎ ይሕግዝ ከም ዝነበረ፡ ገሊጹ። ይኹን'ምበር በዚ ሕጂ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ጉዳይ ሶማል ዘካይዶ ዘሎ ኢደጣልቃነት፡ ህዝቢ ሶማል ጽቡቕ ከም ዘይተፈድዩ ኣስሚሩሉ። ከምኡውን መንግስቲ ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሶማል ዘካይዶ ዘሎ ግፍዕታት ብህዝቢ ኤርትራን፡ ብፈተውቲ ኣህጉራዊ ሓይልታትን ክንጸግ ከም ዝግባኣ ኣዘኻኺሩ።

ብተወሳኺ፣ ኣብ ኤርትራ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ተተኺሉ ሰላምን ርግኣትን ምርግጋጽ፣ ንረብሓ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንረብሓ ህዝቢ ሶማል እውን ምዃኑ ኣረጋጊጹ።
ኣብ መደምደምታ ድማ ንመጻኢ ቀጻሊ ርኽክብ ክካይድ፣ ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ።

